ጥልያን

MINISTERO DELL'INTERNO

euaa EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኹም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፡

- ዓብዪ ሰብ ኴንካ (ልዕሊ 18 ዓመት)
- ንኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቕባ እውን ይበሃል) ኣብ ጥልያን ኣመልኪትካ ኢኻ፣ ሕጂ ድማ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኢኻ ዘለኻ።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ



| | |
|---|---|
| ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ? | 3 |
| እንታይ ክትረክብ ኢኻ? | 6 |
| መሰል ክንክን ጥዕና | 7 |
| መሰል ትምህርቲ ንህጻናት | 10 |
| መሰል ስራሕ | 11 |
| ናይ ቋንቋ ኮርሳትን ሞያዊ ስልጠናን | 12 |
| ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምኺንካ ዝገልጽ ሰነድ | 13 |
| ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ? | 13 |
| ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሎም ዝኽእለሉ ኩነታት | - |
| ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም? | - |
| ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን? | - |
| ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን? | - |
| ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝወጻእካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ሃገር ምስ ተመለስካ እንታይ ይኸውን? | - |
| ውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም | - |
| ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም | - |
| ዝርዝር መራኸቢ | - |

# ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ?

ኣቀባብላ ማለት ሰብ መዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ንክምርምሩ ኣብ እትጽበየሉ እዋን እትረኽቦ ደገፍ እዩ። ኣብዛ ብሮሹር ወረቐት ተገሊጹ ዘሎ ናይ ምቕባል መሰላትን ግዴታታትን የጠቓልል።

ኣብ **ጥልያን**እቲ ናይ ምቕባል ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ክፍሊ ሓርነት ሲቪልን ምታውን_ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ናይ መንግስቲ እዩ።
እቲ ናይ ዑቕባ መመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ፣ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ናፍልጦ ዓለምለኻዊ ዑቕባ እዩ።

እቶም ሰራሕተኛታት ኣብዚ ብሮሹር ወረቐት ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝረኸብኩም ከተረጋግጹን ክትፍርሙን ክሓቱኹም እዮም። ገለ ነገር ንጹር እንተዘይኮይኑ ንሰራሕተኛታት ሕተቶም።



**ኣብዛ ሃገር ዉሑስ ኢኻ።**

ኣብ እዋን ጻንሖትኩም፡ ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ከከም ኩነታትኩም ብዛዕባ ኣገልግሎት መቐበሊ ኣጋይሽን ደገፍን ክሕብሩኹም እዮም።



ብተወሳኺ ንኻልኦት ትካላት ሓበሬታን ሓገዝን ብነጻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ እዚ ብሮሹራት ዝርዝር ትካላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።



**ሓደ ተርጓሚ** ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ምስ ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ብዝርድኣኩም ቋንቋ ንክትረዳድኡ ክሕግዘኩም እዩ። እቲ ተርጓሚ ንዝተዛረብካዮ ነገር ንኻልእ ሰብ ኣይከካፍልን እዩ።

*ኣብ መንጎ ዝምልከቶም ሰብ መዚ ሓበሬታ ከም ዘካፍሉ ክጠቕሱ እንተደልዮም፡ ነቲ ዝምልከቶ ሙሉኣት ሓሳባት ክውስኹ ይኽእሉ እዮም]*

**ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባን ክትክተልዎም ዘለኩም ሕግታትን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ዝተፈላለየ ብሮሹራት ክትረኽቡ ኢኹም።**

## ሕጂ ኣብ ጥልያን ኢኻ ዘለኻ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡

እተን 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቭያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቬንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ'ውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድን።

## ኣቓልቦ!

ኣመልከትቲ ኣብ ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ተመሳሳሊ ናይ ምቕባል መሰልን ግዴታታትን ኣለዎም።

ዑቕባ ንምሕታትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉ እዮም።

እቶም ሰብ መዚ ካልእ ነገር እንተዘይሓቢሮምኹም **ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኢኹም ክተመዝግቡ ዘለኩም።**

**ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ጥራይ እያ።** ኣብ ጥልያንዝርከቡ ሰብ መዚ፣ ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንሕቶ ዑቕባኹም ተሓታቲት ምዃና ንምውሳን መስርሕ ክኸተሉ እዮም።

**ኣብ ጥልያን ክትጸንሕ ኣለካ። ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።** እንተ ወጺእካ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ። ኣብ ጥልያን ዘሎ መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ። ኣብታ ካልእቲ ሃገር ናይ ምንቅስቓስ ናጽነትካ ክድረት ይኽእል እዩ፡ ገለ ናይ መቐበሊ ኣገልግሎታት ድማ ክስረዝ ይኽእል እዩ።

## እንታይ ክትረክብ ኢኻ?

ሰብ መዚ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ክምርምሩ እንከለዉ፡ ከከም ውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ድማ ዝስዕብ ክትረክብ ኢኻ፡



- መጽለሊ



- ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



- ምግቢ



- ክዳውንቲ



- ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ

ፕሬፌቱራ ውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ብዝበለጸ ንምርዳእ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም።

# መሰል ክንክን ጥዕና

እቶም ሰብ መዚ **ዘድሊ ክንክን ጥዕና** ከም እትረኽቡ ከረጋግጹልኩም እዮም። እዚ ንኣብነት ናብ ነርስ ወይ ሓኪም ምብጻሕ፡ ከበድቲ ሕማማትን ሕዱር ኩነታትን መርመራ ምግባር፡ ብሓኪም ዝተኣዘዘ መድሃኒትን ደገፍ ጥዕና ኣእምሮን ከጠቓልል ይኽእል።



## ሕክምናዊ ጸገም እንተሃልዩካ፣ ነቶም ሰራሕተኛታት ንገሮም።

ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ ሕክምናዊ ህጹጽ ኩነታት ወይ መጉዳእቲ እንተሃልዩካ፡ ንሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ኣጋይሽ  ንገሮም ወይ ብነጻ ናብ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ደውል።




ምስ ሓኪም ወይ ነርስ ሕክምናዊ መርመራ ናይ ቤተሰብ ሓኪም ክትገብርና ናይ ነጻ ሕክምናን መሰል ኣሎካ።

ምስ ሓኪም ወይ ነርስ ናይቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ምርመራ ኽትገብር ኽትሕተት ትኽል ኢካ። ጥዕናኻ ክምርምሩን ክሕግዙኻን እዮም። ንሶም'ውን ብዛዕባ ህሉው ወይ ሕሉፍ ሕማማት/መዛግብቲ ክታበትካን ዝኾነ ትወስዶ ዘለኻ መድሃኒትን ሕቶታት ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም። ንሶም'ውን ብዛዕባ ዝኾነ ክህልወካ ዝኽእል/ከጓንፈካ ዝኽእል ኩነታት መጉዳእቲ፡ ቃንዛ፡ ኩነታት ወይ ጭንቀት እውን ክሓቱኻ  ይኽእሉ እዮም።

## ፍሉይ ድሌት እንተሃልዩካ ፍሉይ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።





### ንሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ እንድሕር ደኣ፡

- ሓሚምካ ወይ ተጎዲእካ ኣለኻ
- ጥንሰቲ ኣለኺ ወይ ጥንሰቲ ክትክኮኒ ተኽእሊኪ
- ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ኣባላት ስድራቤት ኣለዉኻ
- ስንክልና ኣለካ (ንኣብነት ድሩት ምንቅስቓስ፣ ናይ ምስማዕ ጸገም፣ ናይ ምርኣይ ጸገም)
- ብቐጻልነት ትጨናነቐ፡ ትሓዝን፡ ድቃስ ትስእን ወይ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣለዉኻ
- ኣብ ሕሉፍ ብዘጋጠመካ ዓመጽ ወይ ስቅያት ትሳቐ ኣለኻ
- ብሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ወይ እትፈልጦ ሰብ ምኽንያት ውሕስነት ኣይስማዓካን ወይ ፍርሓት ይስምዓካ እንተኾይኑ
- ዘይትደልዮ ነገራት ክትገብር ጸኒሕካ ወይ ክትገብር ትግደድ ኣለኻ
- ብሰንኪ እምነትካ፡ ፍቕራዊ ምርጫኻ፡ ኣከዳድናኻ ወይ ኣካይዳኻ ውሕስነት ዘይብልካ ኮይኑ ይስምዓካ እምተኾይኑ
- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ ብዘይ ወለድኻ በይንኻ ወይ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት መጺእካ እንተኾይንካ።

ፍሉይ ደገፍ ክወሃብ ዝኽእል እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መዕረፊ ኣጋይሽ ብዛዕባ ፍሉይ ድሌታትኩም ምስ ዝፈልጡ ጥራይ እዩ።





ፍሉያት ሰራሕተኛታት *ንኣብነት ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ድዮም ስነ-ኣእምሮኣውያን ሕቶታት* ክሓቱኻ እዮም።

- **ፍሉይ ድሌታትካ** ንምግምጋም
- **ኣየናይ ፍሉይ ደገፍ** ንዓኻ ዝበለጸ ምዃኑ ንምልላይ።

እዚ ድማ **ገምጋም ናይ ፍሉይ ድሌታት** ይበሃል።

ተርጓሚ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ብዝርድኣካ ቋንቋ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

*ኣብ ጥሕቲ ካሊ ኣገልግሎታት ወይ ድማ ማሕበራት ኪትምዝዝገብ ትኽእል ኢ ኻ*



ፍሉይ ደገፍ እንተደሊኹም **ኩሉ ግዜ ምስ ሰራሕተኛታት ምዕረፍ ኣጋይሽ** ተራኸቡ።

እዚ ደገፍ እዚ ሰብ መዚ የድልየካ እዩ ኢሎም ክሳብ ዝሓስቡሉ እዋን ክትረክብ ኢኻ።

ነቲ ሓኪም፣ ነርስን ፍሉያት ሰራሕተኛታትን ( *ሰራሕተኛታት ንኣብነት ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት፣ ስነ-ኣእምሮኣውያን ክኢላታት)* ብናጽነት ክትዛረቦም ትኽእል ኢኻ። ኩሉ ሓበሬታ ምስጢራዊ ክኸውን እዩ፣ እዚ ብዘይ ስምምዕኹም ንኻልኦት ኣይክካፈልን እዩ ማለት እዩ።

እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ጥራሕ እዩ።

## መሰል ትምህርቲ ንህጻናት

ኩሎም ህጻናት፡ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም  መሰል ትምህርቲ ኣለዎም።

ከም ትምህርቲ ቋንቋን ንምቕጻል ትምህርቲ መዳለዊ ኮርስታትን  ዝኣመሰሉ ደገፍ ክረኽቡ እዮም።




ኣብ ጥልያን  ኩሎም ካብ 6 ክሳብ 16 ዓመት  ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ኣለዎም።

**ወለዲ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምልኣኽ ግዴታ ኣለዎም።**

# ናይ ስራሕ መሰል

ከከም ኩነታትካ፡ ድሕሪ 90 መዓልቲ ካብ ምዝገባ ኣህጉራዊ ሓለዋ መመልከቲኻ ኣብ ጥልያን ናይ ምስራሕ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ።

እቶም ስራሕተኛታት መቐበሊ ኣጋይሽ ብዛዕባ ኣብ ጥልያን ዝምልከቱ ሕግታት ክሕብሩልካ እዮም።



ገለ ፍሉያት ኩነታት ኣለዉ፣ ንኣብነት ምስ ሰብ መዚ እንተዘይተሓባቢርካ ክትሰርሕ ኣይፍቀደልካን እዩ።

ትሰርሕን ኣብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ትሓድር እንተኾንካን ወይ ኣብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ንኽትጸንሕ ፋይናንሳዊ ኣበል ትረክብ እንተኾንካን፡ ንመንበሪኻ ብኽፊል ክትከፍል ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።



ኩሎም ኣወዳትን ኣዋልድን ትሕቲ 16 ዝዕድሚኦም ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን።

# ናይ ቋንቋ ኮርሳትን ሞያዊ ስልጠናን

ከከም ኩነታትካ፡ እቶም ሰብ መዚ ኣብ ዝስዕቡ ክትሳተፍ ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም፡:

- ናይ ቋንቋ ኮርሳት፣
- ብዛዕባ እቲ እትነብረሉ ሕብረተሰብ (ሕግታትን ባህልን) ዝምልከት ኮርሳት
- ሓደስቲ ክእለታት ንምምሃር ዝሕግዙ ኮርሳት (ሞያዊ ስልጠና)።



እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ እዞም ኮርሳትን መዓስ ክትጅምሮም ከም እትኽእልን ክሕብሩኻ እዮም።

## ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምኺንካ ዝገልጽ ሰነድ



ወግዓዊ ሰነድ ክመጸካ እዩ፣ እዚ ድማ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልካቲ ምኺንካ ዝገልጽ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ሽምካን ውልቃዊ መረዳእታኻን ክገልጽ እዩ። ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ።

እዚ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ኣይኮነን።

እዚ ሰነድ እዚ ዝተዋህበሉ ዕለትን ዝወድቀሉ ዕለን ክሳብ ኣቲ ሕቶ ናይ ዑቑብቅ ተቐባሊነት ዝረክብ ኪህልዎ እዩ። እዚ ሰነድ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ክትምዝገብን ብሕዚ ናይ ስራሕ ክትሰርሕ ይኽእለካ እዩ፣ ኣንተ ዳኣ ናይ ዑቑባ ሕቶካ ዘይተወዲ።

**ኣቓልቦ!** እዚ ሰነድ ንከይጠፍኣካን ንኻልእ ሰብ ንከይትህቦን ተጠንቀቕ።

## ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ?

ፕሬፌቱራ ኣበይ ከም እትጸንሕ ክነግሩኻን እቲ ኩነታት ክገልጹልካን እዮም።

ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን እትዓርፈሉ ቦታ ኣብ ብዙሕ ረቛሒታት ይምርኮስ። ሓደ ዓራት መስ ካልኦት ኣብ ከምዚ ናትካ ኩነታት ዝርከቡ ኪኸውን ይኽእል ወይ ድማ ኣብ ሓደቦታ ኣብ ንእሽቶ ኣፓርታማ ኪኽኸውን ይኽእል እዩ።

## ኣበይ ተዓቕብኩም ኣለኹም ብዘየገድስ ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም፡



- **ውሑስ ኩን**: ሰራሕተኛታት ሓዊሱ ዝኾነ ሰብ ከፈራርሓካ፣ ክጸርፈካ ወይ ክጎድኣካ ኣይፍቀደሉን እዩ።




- **ምስ ሰብኣይኪ፡ ምስ ሰበይትኻ፡ ደቅኻን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካን ወይ ድማ ምስ ሓደ መዓልታዊ ክንክን ዘድልዮ ዓቢ ዘመድካ ጽናሕ**
- መዓልታዊ ክንክን ዘድልየካ ዓቢ ሰብ እንተኾንካ **ምስ ኣዝማድካ ጽናሕ**



- ምስ ኣባላት ስድራቤትካ **ንምዝርራብን ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ ድማ ንክትደልዮም ንክትፍትን ሓገዝ ምርካብ።**

## ከም ዝስዕብ ከም ዘጋጠመካ እንተኣሚንካ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፡



- ዝኾነ ካብቶም ሰራሕተኛታት ከም ዘፈራርሓካ፡ ከም ዝጸረፈካ ወይ ዝጎድኣካ እንተኣሚንካ።

ፕሬፈቱራ ከመይ ጌርካ ወግዓዊ ጥርዓን ከም እተቕርብ ክሕብሩኻ እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ ንኤጀንሲ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**እቶም ሰብ መዚ ናይ ኣብ ኣየናይ መንበሪ ከም እትዓርፉ ዝምልከቶም ናይ ሚኒስትሪ ውሽታዊ ጉዳይ ክፍሊ ሓርንርት ሲቪልን ምታውን ፕሬፌቱራን ኣበይ ቦታ ከ እትዓርፍ ይውስኑ።**

**ከከም ኩነታትካ ኣብ ጥልያን ብናጽነት ክትንቀሳቐስ ትኽእል ኢኻ።**



እቲ እትሓድረሉ ቦታ ኣብ ከም ዝርከቡ ቦታታት፡ ኩነታትካን ድሌታትኩምን (ንኣብነት፡ ኣቃውማ ስድራቤትካ፡ ጥዕናኻ) ዝኣመሰሉ መዳያት ይምርኮስ።

ኣብቲ ዝተመደበልካ መንበሪ ገዛ ክሳብ ዝጸናሕካ ጥራይ ኢኻ ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረክብ ኢኻ። እቶም ሰብ መዚ ኣብቲ መንበሪ ገዛ ትሓድሩ ከምዘለኹም ኪቆጻጸሩ ይኽእሉ እዮም።

እኹል ፋይናንሳዊ ዓቕሚ እንተሃልዩካን **ሚኒስትሪ ውሽታዊ ጉዳይ ክፍሊ ሓርንርት ሲቪልን ምእታው** ኣብ ፍሉይ መንበሪ ክትጸንሕ ከምዘለካ እንተዘይወሰኑን ኣብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ንክትሓድር ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ምስ ስድራ ቤትካ ወይ ኣዕሩኽትኻ ክትጸንሕ እውን ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ።

እንተ ደኣ ኣብ ናይ ግልኻ ቦታ ኽትነብር እንተወሲንካ እኳ ኣቲ ናይ ዑቑባ ሕቶኻ ንኽቕጽል ምስ ሰበስልጣን ንኽትራኽብ ቅሩብ ክትኸውን ኣሎካ። ናይ ሕክምና ሓገዝና ብሕጊ ስራሕ ናይ ምስራሕ መሰል ኣሎካ። ብተወሳኺውን ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፣ ስፖርታዊ ንጥፈታት፣ሞያዊ ትምህርቲታት ናይ ምውሳድ መሰል ኣሎካ። ባዛዕባ እዚ ነቲ ሕቶ ዑቕባኻ ዝምልከቶ ፕሬፈቱራ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።



**ከከም ኩነታትካ፡** ድማ ብ ፍሉይ **እቶም ሰብ መዚ ናይ ኣብ ኣየናይ መንበሪ ከም እትዓርፉ ዝምልከቶም ናይ ሚኒስትሪ ውሽታዊ ጉዳይ ክፍሊ ሓርንርት ሲቪልን ምታውን ፕሬፈቱራ ሕቶ ዑቑባኻን ዝምልከቶ** ኣበየናይ ቦታ ከም እትጸንሕ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም ( ንእብነት ከም ፍሉይ መዕረፊ ጋይሽ )።



**ካብቲ ፍሉይ ቦታ ብገለ ገደባት ክትወጽእ ክፍቀደልካ እዩ። ኣብቲ ዝተገልጸ ፍሉይ ቦታ ምህላውካ ክቆጻጸሩ ይኽእሉ እዮም።**

ፕሬፈቱራ ነዚ ብብዙሕ ምኽንያታት ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡

- ክትሃድም ትኽእለሉ ሓደጋ እንተሃልዩ።
- ካልእ ሃገር ንመመልከቲ ዑቕባኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል እያ ከምኡ'ውን እቶም ሰብ መዚ ክትሃድም ትኽእል ኢኻ ኢሎም እንተሓሲቦም።
- ብዘይ ፍቓድ ካብዛ ሃገር ወጺእካ፡ ተመሊስካ ዳግማይ ክትሃድም ትኽእል ኢኻ ዝብል ሓደጋ ኣሎ።

**ፕሬፌቱራ ነዚ ውሳነ ብጽሑፍ ብዝርዳእካዮ ቋንቋ ከረድኡኻ እዮም። ነቲ ውሳነ እንተዘይኣኽቢርካዮ ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታኻን ኣሉታዊ ሳዕቤናትካን ክሕብሩኻ እዮም።**

| |
|---|
| ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። |

| |
|---|
| ፕሪፈቱራ ኣብ ካልእ ቦታ ንውሱን ግዜ ንኽትጸንሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ሰብ መዚ ንሕቶኻ ክጽድቕዎ ወይ ከየጽድቕዎ ይኽእሉ እዮም። ሕቶኻ እንተተነጺጉ ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። |

**ኣቓልበ!** ኣብ'ዚ ፍሉይ ቦታ ክትጸንሕ ዝተወሰነ ውሳነን ዝተገብረ ገደባትን እንተዘይኣኽቢርካዮ፡ ዳግማይ ክትሃድም ትኽእል ሓደጋ እንተሃልዩ ድማ ክትእሰር ትኽእል ኢኻ።

## ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሉ ዝኽእለሉ ኩነታት

ምእሳር ማለት ብናጽነት ክትወጽእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ፍሉይ መሳለጥያ ክትቕመጥ ክለኻ ማለት እዩ። እቶም ሰብ መዚ ንኽኣስሩኻ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ጉዳይካ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይከኣል ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም። ሰብ መዚ ፖሊስ ቅድሚ ምውሳኖም ውልቃዊ ኩነታትካ ኣብ ግምት ክእትዉ እዮም።



ምኽንያታት ማእሰርቲ ንኣብነት፡

- ኣገደስቲ መዳያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ (ንኣብነት መንነትካ) ብዘይ ምእሳር ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ናይ ምጽናሕ ግዴታ ኣየኽበርካን፣ ዳግማይ ክትሃድምን ሰብ መዚ ክበጽሑኻ ዘይክእሉሉን ሓደጋ ኣሎ።
- ናብታ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ + ሃገር ክትሰጋገር ውሳነ ተወሲኑልካ ቅድሚ እቲ መስርሕ ምስግጋር ክትሃድም እትኽእለሉ ሓደጋ እንተልዩ።
- ናይ ጸጥታ ሓደጋ ትፈጥር እንተኾንካ።

እንተተኣሲርካ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?





**ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቶም ክትክተልዎም ዘለኩም ግዴታታት ኣለዉ።**

- ✅ ሕጊ እዛ ሃገር ተኸተሉ።
- ✅ ኣብ  ጥልያን ጽናሕ፣ ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣይትጓዓዝ።
- ❌ ብዘይ ፍቓድ ካብቲ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ  ወይ ድማ ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕ ኣለካ ዝበሉሉ ፍሉይ ቦታ ኣይትውጻእ።
- ✅ ምስቶ ናትካ ሕቶ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ዝከታተሉ ሰበስልጣን ምሉእ ብምሉእ ተሓባበር ኣቲ ንሶም ዝህቡኻ መምሪሒታት ድማ  ኣኽብር።
- ✅ ሕግታት ናይቲ እትሓድረሉ ቦታ ኣኽብር።
- ✅ ነቶም ካልኦት ነበርቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ሰባትን ኣኽብሩ።
- ✅ ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ጸጋታትካ ንፕሬፌቱራ ኣፍልጦም።
- ✅ ነቶም ኣብ ህቶኻ ናይ ዑቕባ ዝሳተፉ ንሰብ መዚ  (ኮስቱራ፣ ፕሬፈቱራ፣ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ) ብዛዕባ ህሉው ኣድራሻኻን ርክብ ሓበሬታኻን (ቁጽሪ ተሌፎን፡ ኢመይል)፡ ከምኡ’ውን ዝኾነ ለውጢ ኣፍልጦም፡ ምእንቲ ኩሉ ግዜ ክረኽቡኻ።
- ✅ ኣብቲ ብፕሬፌቱራ ዝውሰን ግዴታዊ ኮርሳት ንውህደት ምስታፍ።

# ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?

ፕሬፈቱራ ንኹነታትካ ከግምግሞ እዮም፡ ገለ ዓይነት ደገፍ ድማ ከቕንሱ ወይ ከስርዙ ከውስኑ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ብጽሑፍ ክሕብሩኻን ኣየናይ ደገፍ ከም ዝቕንሱ ወይ ከም ዝስርዙን ክገልጹኻ እዮም።



## ኣቓልቦ!

**ውሑድ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፣** ንኣብነት፣ እንድሕር:

- ብዘይ ፍቓድ ነቲ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ወይ ድማ ካብቲ ስብ መዚ ዝበልዎ ፍሉይ ቦታ እንተወጺእኻ
- ምስ ሰብ መዚ ኣይትተሓባበርን ኾይንካ
- ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ዓቕምኻ ትሕሱ

- ሕግታት ናይቲ እትዓርፉሉ ቦታ እንተዘየኽቢርካ
- ኣብቲ ግዴታዊ ኮርስታት ዘይትሳተፍ ኮይንካ
- ድሮ ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ ነታሃገር ገዲፍካያ ተመጺኻ።
- ቅድሚ ሕጂ ሓቲትካ ከምዘይተቐበሉኻ ተተወሲኑ፣ እቲ ውሳነ ኸኣ ዘይልወጥ ተተባሂሉ ኣሞ ሓድሽ ናይ ዑቓ ሕቶ እንተ ኣቕሪብካ።

ኣብ ዓመጽ ዝመልአ ባህሪ እንተተሳቲፍካ፡ ንኻልኦት እንተፈራሪሕካ ወይ ድማ ብተደጋጋሚ ወይ ብዕቱብ መንገዲ ሕግታት ናይቲ እትነብረሉ ቦታ እንተጥሒስካ **ትረኽቦ ዘለኻ ደገፍ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ።** ኣብ ከምዚ ኩነታት ፖሊስ እውን ጣልቃ ክኣትዉ ክጽውዑ ይኽእሉ እዮም።



## ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን?




**ኣብ ጥልያን**:

- መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ።

**ኣብታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዓዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+፡**

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍካያ ዝወጻዕኻ ሃገር ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኹም ዝወሰንካላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኻ ህሞት ጀሚሩ፡ ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረክብን ኢኻ፡ ንኣብነት፡

- ንስኻ **ሓያሎ ዓይነታት ደገፍን ኣገልግሎትን ኣይትረክብን ኢኻ።**
- ስራሕ **ክትሰርሕ ኣይክፍቀደልካን** እዩ።
- **ኣብ ሓድሽ ክእለት ኮርሳት ቋንቋ ወይ ንምምሃር ኣብ ዝወሃቡ ኮርሳት ክትሳተፍ ኣይፍቀደልካን እዩ።**

## ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝወጻእካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ሃገር ምስ ተመለስካ እንታይ ይኸውን?



እቶም ሰብ መዚ ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ክትጸንሕ ከም ዘለካ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም፣ ሃለዋትካ እውን በበዋኑ ክፍትሹ ይኽእሉ እዮም። ካብቲ ማእከል ብገለ ገደባት ክትወጽእ ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ።

## ውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም



ፕሬፌቱራ ከም ኣመልካቲ መሰልካ ክድርቱ እንተ ወሲኖምን እዚ ፍትሓዊ ኣይኮነን ኢልካ እንተኣሚንካን **ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።**

ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባዊ ምምሕዳር ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ፡ ፕሬፌቱራ ውሳነ እንተ ወሲኖም፣

- ናይ መንበሪን ካልእ ናይ መቐበሊ ደገፍን መሰል ከምዘብልካ
- ነቲ ዝወሃበካ ናይ መቐበሊ ደገፍ ንምንካይ ወይ ንምስራዝ
- ንግዚኡ ካብ ፍሉይ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ክትወጽእ ዝሓተትካዮ ሕቶ እንተዘተቐቢሎሞ
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ክትጸንሕ ግዴታ ኣለካ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ከምኡ'ውን ዝተወሰነ ገደብ ሒዝካ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።

ናብ ዳኛ ይግባይ ኪትብል ትኽል ኢኻ እንተደኣ ፖሊስ፣

- ንኽሕዘካ ተወሲኑ

ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካን ኣብኡ ዝተወሰኑ ናይ ምቕባል መሰላት እንተስኢንካን፡ ነዚ ውሳነ ኣብታ ሃገር ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

ፕሬፌቱራ ብሰንኪ ኣብ ገጽ 22 ዝተገልጸ ኩነታት ንዝተዋህበካ ናይ ምቕባል ደገፍ ክቕንሱ ወይ ክስርዙ ምስ ዝውስኑ፡ ዝተወሰኑ መሰላት ክህልዉኻ እዮም። ንኣብነት፣ ሕጂ'ውን ኣብ ሓኪም ወይ ነርስ ክትረኣይ ክትኽእል ኢኻ፣ ሕክምናዊ ሓገዝ ንክትረክብ፣ ገለ ደገፍ ንምርካብ ከም ምግቢ ክዳውንቲ ከምኡ'ውን ሰብ መዚ ኣብ ዝውሱንልካ መንበሪ ቦታ ናይምንባር መሰላት ክህልዉኻ እዮም።

እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

ሰብ መዚ ናይታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዕዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ EU+ ነቲ ዝተዋህበካ ናይ ምቕባል ደገፍ ክስርዝዎ ምስ ዝውስኑ፡ እቲ ገና እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

## ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም



ነቲ ብሰብ መዚ ናይ ምቕባል መሰላትካ ክድርት ዝወሰድዎ ውሳነ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ይግባይ ክትብል እንተደሊኻ፡፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ተዘብልካን ተቐባልነት ተረኺቡ፣ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እዚ ማለት ጠበቓ ክሕግዘካ እዩ። ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ጠበቓታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ሕጋዊ ሓገዝ ይህቡኻ፣ ንረብሓኻ ይከላኸሉን ካብ ሰብ መዚን ዳኛን ተፅዕኖ ነጻ እዮም።

ብተወሳኺ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ንኣማኻሪ ሕጊ ወይ ጠበቓ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።




እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ከመይ ጌርካ ንውሳነ ይግባይ ከም እትቐርብ ክሕብሩኻ እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ UNHCR ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ እንተላይ ብዛዕባ ዘሎ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን።

# መዘኻኸሪታተይ

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025